## ህዝቅኤል 37

1 ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ ነበረት፣ እግዚኣብሄር ከኣ ብመንፈስ ኣውጺኣኒ፣ ኣብ ማእከል እታ
ጐልጐል ድማ ኣንበረኒ፣ ንሳውን ዓጸጽምቲ መሊእዋ ነብረ።
2 ኣብ ጥቓኦም ብዙርያኦም ኣሕለፈኒ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣብቲ ዝባን ጐልጐል ብዙሕ ነበረ፣ እንሆውን፣ ኣዝዩ
ንቑጽ ነበረ።
3 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዚ ዓጸጽምቲ እዝስ ህያውዶ ኪኸውን እዩ? በለኒ። ኣነ ድማ፣ ዎ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንስኻ ትፈልጥ፣ ኢለ መለስኩ።
4 ንሱ ኸኣ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ዓጸጽምቲ እዚ ተነበ፣ ኣቱም ንቑጻት ዓጸጽምቲ፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣
ኢልካውን ንገሮም፣ በለኒ።
5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነዚ ዓጸጽምቲ እዚ ኸምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ኣነ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፣
ንስኻትኩም ከኣ ህያዋን ክትኰኑ ኢኹም።
6 ጅማውቲውን ኸንብረልኩም፣ ስጋ ኽገብረልኩም፣ ብቈርበት ክኽድነኩም፣ ትንፋስ ከእትወልኩም
እየ፣ ህያዋን ከኣ ክትኰኑ ኢኹም፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም።
7 ከምቲ እተኣዘዝክዎ ኸኣ ተነቤኹ። ክንበ ኸሎኹ ድማ ደሃይ ኰነ፣ እንሆ ኸኣ፣ ፍኒሕኒሕ ኰነ፣ እቲ
ዓጸጽምቲውን ዓጽሙ ተቓራረበ።
8 እንሆ ኸኣ፣ ጅማውትን ስጋን ኪወጾም፣ ቈርበት ድማ ኪኽድኖም ርኤኹ፣ ትንፋስ ግና
ኣይነበሮምን።
9 ሽዑ ንሱ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ፣ ንንፋስ ተነበየሉ፣ ንንፋስ ከኣ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኣታ ትንፋስ፣
እዞም ህያዋን ኪኾኑስ፣ ካብቶም ኣርባዕተ ንፋስ ንዓ እሞ ኣብዚኦም ንፈስ፣ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮ ፣
በለኒ።
10 ኣነ ኸኣ ኸምቲ ዝኣዘዘኒ ተነቤኹ፣ ትንፋስ ድማ ኣተዎም። ህያዋን ኰኑ፣ በእጋሮም ከኣ ቈሙ፣ ኣዝዩ
ዓብዪ ጭፍራ ነበሩ።
11 ሽዑ ንሱ በለኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዚ ዓጸጽምቲ እዚ ዅላ ቤት እስራኤል እዮም። እንሆ፣ ንሳቶም፣
ዓጸጽምትና ነቒጹ፣ ተስፋና ተቐብጸ፣ ንሕና ጠፊእና ኢና፣ ይብል ኣለዉ።
12 ስለዝተነበ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮም፣ እንሆ፣ ኣነ
መቓብራትኩም ክኸፍት፣ ኣቱም ህዝበይ፣ ካብ መቓብራትኩም ድማ ከውጽኣኩም፣ ናብ ሃገር
እስራኤልውን ከእትወኩም እየ።
13 ኣቱም ህዝበይ፣ መቓብራትኩም ምስ ከፈትኩ፣ ካብ መቓብራትኩም ከኣ ምስ ኣውጽእኩኹም፣ ኣነ
ኣግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም።
14 መንፈሰይ ከሕድረልኩም እየ፣ ህያዋን ከኣ ክትኰኑ ኢኹም፣ ናብ ሃገርኩም ድማ ከንብረኩም እየ
እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ከም እተዛረብኩን ከም ዝገበርክዎን ክትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር።

## ቆሎሴ 1

9 ስለዚ ንሕና ኸኣ ካብታ ዝሰማዕናላ መዓልቲ ጀሚርና፡ በቲ ፍልጠት ፍቓዱ ብዅሉ መንፈሳዊ
ጥበብን ኣእምሮን ኪመልኣኩም፡ ምእንታኹም ጸሎትን ልማኖን ኣየብኰርናን።
10 ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ዅሉ፡ ፍረ እናፈረኹምን ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓቤኹምን ብዅሉ
ንእግዚኣብሄር ባህ ከተብሉ ንእኡ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱ፡ ንጽሊ ኣሎና።
11 ብሓጐስ ብጽንዓት ዘበለ ዅሉ፡ ንብዘሎ ትዕግስትን ዓቕልን ብሓይሊ ኽብሩ በርቲዕኩም፡
12 ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቅዱሳን ኣብ ብርሃን ዘብቅዓና ኣቦ እናኣመስገንኩም፡

13 ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና።
14 ኣብኡ ምድሓንና፡ ማለት ሕድገት ሓጢኣት፡ ዘሎና፡

## ማቴዎስ 9

18 እዚ ኺብሎም ከሎ፡ እንሆ፡ መራሕ ቤት ጸሎት መጸ፡ ዓለይ ሕጂ ሕጂ ሞተት፡ ግናኸ ንዓ ኢድካ
ኣንብረላ እሞ ክትሓዊ፡ እናበለ ሰገደሉ።
19 የሱስ ድማ ተንሲኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ሰዐቦ።
20-21 እንሆ ኸኣ፡ ካብ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሒዙ ደም ዛሕዛሕ ዚብላ ሰበይቲ ብልባ፡ ዘፈር ክዳኑ
ጥራይ እንተ ተንኬኹ፡ ክሐዊ እየ፡ ኢላ ኣላ እሞ፡ ብድሕሪኡ ቐሪባ ዘፈር ክዳኑ ተንከየት።
22 የሱስ ግልጽ ኢሉ ረኣያ እሞ፡ ኣጆኺ ዓለይ፡ እምነትኪ ኣሕወየትኪ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ኻብታ ሰዓት
እቲኣ ሒዛ ሐወየት።
23 የሱስ ናብ ገዛ መራሕ ቤት ጸሎት ምስ መጸ፡ ነፋሕቲ እምብልታን ዋይዋይ ዚብሉ ሰብን ረአየ፡
24 እዛ ዓል ደቂሳ ኣላ እምበር፡ ኣይሞተትን እሞ ኣግልሱ፡ በሎም። ንሳቶም ድማ ሰሐቕዎ።
25 እቶም ሰብ ምስ ወጹ፡ ኣትዩ ኢዳ ሐዛ፡ እታ ዓል ከኣ ተንስኤት።
26 ኣብ ኵላ እታ ሃገርውን ወሪኡ ወጸ።